# ወርሓዊ ድራር መኸተ፣ ኣዴታት ሰለሙና፣ ኣኹሪዕክናና!



ሓደ ተጋዳላይና፣ ኣብ'ቲ ታሪኻዊ መዓስከር ንነዊሕ እዋን ምስ ኣዴታት ሰለሙና ዝሰርሐ፣ ንኤርትራዊያን ኣዴታት ብሒደት ቃላት ግን ከኣ ምቁራትን ሓያላትን ጌሩ፣ ሓሳቡ ከፍስስ እንከሎ፣ ከም'ዚ ይብል፣

"ኤርትራውያን ኣዴታት፣ ዓይኒ ገዝአን፣ ዓይኒ ስድራ-ቤተንን ዓይኒ ሃገረን እየን። እዘን ሃገርና ልዕሊ ኩሉ እትሕበነለን ሓርበኛታት፣ ካብ ማህጸነን ጀጋኑን ተባዓትን ፣ ካብ መዓሙቕ ልበን ፍቕርን ሓልዮትን፣ ካብ ልሳነን ፍናንን ጽንዓትን፣ ካብ ሃያብ ኢድ ልግስን ለውሃትን፣ ካብ ርሃጽ ደመን በጃን መስዋእትን፣ ንህዝበንን ሃገረንን እንተዘይውፈያ፣ ኣብ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ ርሁው መድርኽ ናጽነትን ትስፉዉ ምዕባለን ክንበጽሕ ኣይምኻኣልናን" ክብል ኣስሚርሉ። ብሓቂ!! መዳርግቲ ዘይብሉ ታሪኽ ጅግንነ።



ኮይኑ ኸኣ፣ ኣዴትትና ኣብ ዘለዋ ሃልየን፣ ነዛ ሃገር ኣብ ጸገም ይኹን ኣብ ራህዋ፣ ኣብ ጎድኒ ደቀን፣ ተስፋ ከስንቓ፣ ክኣልያ ከተባብዓ ምርኣይ ነዚ፣ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመት ኣቖጺሩ ዘሎ ዘይፍትሓዊ ማዕቀብ ንምፍሻል ኣዴታት ናይ እዚ ከባቢ ዘካይድኦ ኩለ እንትናዊ ኣበርክቶ ኸኣ ናይ'ዚ ዘሐብንን ዘቐስንን መቐጸልታ ህያዉ ታሪኽ'ዩ።



# ስእላዊ መግለጺ ድምቀት ናይ'ቲ ምሸት

## ስለሙና ዝብል ታሪኻዊ ስም ሒዘን

ድራር ዘአንገዳ ኣዴታት ዋሽንግቶን ዲስን ካባቢኣን እውን ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ሰሙን 27 ጥቅምቲ ኣብ ማእከል ኤርትራውያን ዘዳለወኦ ድራር መኸተ፣ ብትሕዝታኡን ኣቀራርባኡን መንፈሱን ቁም-ነገር ዝመልኦ ስድራ-ቤታዊ መኣዲ ደቂ ሃገረ ኲሉ ዝተሓጎሰሉን ዝዓገበሉን ዘመስገነሉን ምሸት'ዩ ኔሩ።

ኣብ ጽባሕ በዓል ዒድ ኣል ኣድሓ ብምንባሩ ድማ ኣዴታትና ዝኣለዎኦ ጸበል ኣባዕከ ነቲ ሃገራዊ በዓልናን ሕውነትናን ፍቕርናን መርኣያ ምንባሩ ዝሕብር ብስልት'ዩ።





## ምስጋና ነዴታት ጋንታ ስለሙና!!

**መኸተና ግቡእ ፍታሕ ክሳብ ዝረክብ ክቕጽል'ዩ!!**

**ክሳብ ዝመጽእ ወርሓዊ ድራር ብሰላም የቐንየና። ቀጻሊ ድራር ዝግበረሉ ድማ ኣብ ረድዮ ድምጺ ኤርትራ ተኸታተሉ።**
**ዓወት ንሓፋሽ!**

ስድራ ቤት መኸተ



·

